## ***ገዛ ገርህላሰ ንገሪ ዝረኣኽዮ፡***

*ገዛ ገርህላሰ ከመይ ኣሎኺ፡*
*እኔና መጺእና ናፊቕና ንዓኺ፡*
*ዕላልኪ ጸሚኡና ኪንርእየኪ፡*
*እስከ ኣዋግዕና ኩሉ ከይሓባእኪ።*

*እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፡*
*እንታይ ኢለሞ ከዋጋዓኩም፡*
*ዘስካሕክሕዩ ምስምዑ ይትረፍኩም፡*
*ኮፍ በሉ ግዳ ማይ ክበኩም።*

*ኮፍ ክንብል ኢና መጺእና፡*
*ጽምኢ ዕላልኪ እምበር ጽምኢ ማይ ኔብልና፡*
*ሃየ እንዶ ግዳ ገለ በልና፡*
*ክንስንዶ ተዳሊና ኣሎና።*

*ኤረ በጃኹም ኣይትደፋፍኡኒ፡*
*ክዝክሮ ከምዚ ሕጂ ኮይኑ ይስምዓኒ፡*
*ካብ በልኩም ግን ጽን ኢልኩም ስምዑኒ፡*
*ገዛ ገርህላሰ ማዓትዩ ወሪዱኒ።*

*ጸልማትዩ ኔሩ ግዜ ወጋሕታ፡*
*ኣማዕዲኻ ዘይትርእየሉ ዋግዋግታ፡*
*ድምጺ ግን ኔሩ ድምጽ ሰላሕታ፡*
*ዘየቋርጽ ተርታ ብተርታ።*

*ዘይ ልሙድ ስለ ዝኾነ ገሪሙኒ፡*
*እንታይ ከምዝገብር ሓርቢቱኒ፡*
*ኣማዕድየ ከይርኢ ጸልማት ከዊሉኒ፡*
*ንኣምላኽ ለመንኩ ምሕረቱ ክበኒ።*

*ነጎዳ ከይትብሎ በዚሑ፡*
*በርቂ ከይብሃል ነዊሑ፡*
*ሜሪት ንነብሱ ክብል ወጊሑ፡*
*ሬሳታት ኣብኹሉ ተዛሕዚሑ።*

*እዛ ምውቕቲ ደምበይ ዘይነበራ ኣበሳ፡*
*ጨና ዱኽዒ እምበር ካልእ ዘይሕወሳ፡*
*ሽዑ መጺ ዘይንፈልጦም እንስሳ፡*
*ብዓይነይ ርእየ ክብላዕ ናይ ሰብ ሬሳ።*

*እዞም ደቀይ ኩፉእዩ ኔሩ ከላእ ትንገሮ፡*
*ክስንነድ'ዩ ካብ በልኩም ግን ኩሉ ክዝርዝሮ፡*

*ዓብየየ ደጊም ክንደይ ከይዝክሮ፡*
*ጽባሕ ንጎረበትና እንተኾኖም ኣስተምህሮ።*






*ቆልዑ’ዮም ኔሮም ዘይስማዕ ዘረብኦም፡*
*ብጥምየትን ጽምእን መንሚኑ ነብሶም፡*
*ኣይትርኣዮም ዝወለደት ኣዲኦም፡*
*ካብዞም ሩጉማት ወያነ ኣይነበሩን ምስኦም፡*
*ኣላዩ ዘይብሎም ኣብዚ ተወድኦም።*

*እዞም ደቀይ እዚዩ ገዛገርህላሰ ዝረኣየቶ፡*
*ኣራዊት ሜረት ጸጊቦም ሕሙቶ፡*
*ተሓጉሶም በዓል ሊሎ ኳኽ ባረቶ፡*
*ኣመስጊኖም ኢሎም ዝሃበ ድሓን ይእቶ።*

*ወይለደኹም ወዲሌ ኣለኹ ኣቱም ቆልዑ፡*
*ግን ሓደራኹም ሓደራ ከይትርስዑ፡*
*ዓዲ በጊዖ ኪዱ ታሪኽ ከትሰምዑ፡*
*ከዘንትውልኩም’ዮም ዓበይቲ ምስ ቖልዑ።*

*ሰማእታትና ክዝከሩ ይንበሩ፡*
*ዓወት ንሓፋሽ፡*
*ገብረንጉስ መስመር፡*